**መሰነይታ ደብዳቤ - መጸዋዕታ ንመርመራ ጥዕና** (እዚ ጽሑፍ ንኣናብባ ወድን ጓልን ዘገልግል'ዩ)

ምስ ነርስ ተራኺብካ መርመራ ጥዕና ክትገብር/ሪ ቆጸራ ሒዝናልካ ኣሎና። ናይ ቆጸራ ጊዜን ቦታን - ኣብታ ካልኣይቲ ወረቐት ርአ። እዚ ጻውዒት ትቕበል ዘለኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝመጻእካ ስለ ዝኾንካ እዩ።

ዕላማ ናይቲ ናይ ጥዕና መርመራ፡ ሃለዋት ጥዕናኻ ንኺግምገምን፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ጥዑይ ንኽትከውን ንምሕጋዝካ እዩ። እቲ ናይ ጥዕና መርመራ ብዛዕባ ጥዕናኻ ምዝርራብን ናሙና ምውሳድን ዝሓዘ ኮይኑ፤ መግቢ ከይበላዕካ ምምጻእ ኣየድልየካን እዩ። ብቛንቛኻ ተርጓሚ ተዳልዩልካ ኣሎ። እቲ/ታ ተርጓሚ ምስጢር ናይ ምሓዝ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎ/ዋ።

እዚ መጸዋዕታ'ዚ ናይ ጥዕና መርመራ ንኽትገብር ዚዕድም እዩ፥ ኮይኑ ግን እቲ ምስታፍ ብወለንታኻ ትገብሮ እዩ። እቲ ናይ ጥዕና መርመራ ብነጻ ዚግበረልካ ኮይኑ፡ ኣስታት ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ዚወስድ እዩ። ክትሳተፉ እንተዘይክኢልካ ወይ እንተዘይደሊኻ፡ ነቲ ናይ ቆጸራ ሰዓት ክትቅይሮ ወይ ክትሰርዞ ብኽብሪ ንሓትት።

ውጽኢት ናይቲ ናይ ጥዕና መርመራ፡ ነቲ ኣብ ሽወደን ናይ ምጽናሕ ተኽእሎኻ ኣይጸልዎን እዩ። "ሚግራሾንስቨርከት" ውጽኢት ናይቲ መርመራ ከካፈል ኣይፍቀደሉን እዩ።

ናብቲ መጸዋዕታ ክትመጽእ ከሎኻ (እንተደኣ ኣልዩካ)፡- መለለዪ ካርድ፣ LMA ካርድ፣ ፓስፖርት ወይ መንበሪ ፍቓድ ካርድ ተማሊኻ ምጻእ። ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ክታበት ዘለዎ ሰነዳት እንተኣልዩካ ውን ንዕኡ ተማሊእካዮ ምጻእ።

ኣብታ ካልኣይቲ ወረቐት፡ ስም ናይታ እትረኽባ ነርስ፡ ናይ ቆጸራ ዕለትን ሰዓትን ኣብኡ ክትርእዮ ኢኻ። ኣድራሻናን ቁጽሪ ተሌፎንናን እውን ኣብኡ ክትርእዮ ኢኻ።

ብደሓን መጹ!